SWEDISH
Extraordinary care. Extraordinary caring.℠

# ናይ ምርጫታት ሕርሲ ናይ ተጠቃሚ መምርሒ
# Birth Preferences User's Guide (Tigrigna)

እዚ መምርሒ ናትኩም ቅጥዒ ናይ ሕርሲ ምርጫታት ንምምላእ ንክሕግዘኩም ተባሂሉ እተዳለወ እዩ። ብዛዕባ'ቲ ቅጥዒ ኣብ ሃደ ካብ ናይ ቅድመ-ውልደታዊ ምብጻሕኩም ምስ ሓኪምኩም ክትዘራረቡ ነተባብዓኩም፡ ከምኡ'ውን ብዛዕብ ወይ ብዛዕባ እዚ መምርሒ እዚ ዝህልውኹም ዝኾኑ ሕቶታት።

**ብዛዕባይ/ብዛዕባና፥** ነዚ ክፋል'ዚ ብዛዕባኺ ገለ ነገር ነቲ ተኸናኻኒ ጉጅለ ንምንጋር ተጠቀምሉ፡ ንኣብነት እዚ ናይ መጀመርያ ህጻንኪ እንተኾይኑ ወይ ካልእ ቆልዑ እንተልዮምኺ፡ ትሰርሕዮ ዓይነት ስራሕ፡ ናይዚ ጥንሲ ድሕረ ባይታ፡ ትፈትውዮም ናይ ምዝንጋዕ ንጥፈታት፡ ወዘተ።

**ደገፍቲ ጉጅለ ሕማም ሕርሲ (ኣስማትን ዝምድናታትን)፥** እቶም ኣብ ግዜ ሕርስኺ ዝሕግዙኺ ሰባት ከም፡ መጻምድትኺ፡ ኣሕዋትኪ፡ መምህር ምድላው ሕርሲ ወዘተ ዘርዝርዮም።

**ናይዚ ወሊድ'ዚ ተስፋታት፥** ኣብዚ ናይ ሕርሲ ተመኩሮ ዘለኪ ሓፈሻዊ ተስፋታት ኣጠቓልልዮም።

**ብዛዕባ እዚ ሕርሲ ዘለኪ ስክፍታታት፥** ብዛዕባ ሕርሲ ዘለኪ ስክፍታታት ጭንቀት ወይ ፍርሕታት ኣብዚ ኣጠቓልልዮ።

**ምቁጽጻር ቃንዛ**

- መደንዘዚ ትሕተ ሽምጢ ኣብ ዳሕረዋይ ሕቆ ኣብ ከባቢ ዓንዲ ሕቆ ዘሎ ቦታ ኣብ ዘድለዉ መትንታት ዝውጋእ መደንዘዚ መርፍእ እዩ። ካብታ መርግእ እተወግኣትላ ቦታ ዘሎ ንላዕልን ንታሕትን የደንዝዝ፡ ዝበዝሐ ግዜ ድማ ንመብዛሕትኡ ናይ ሕርሲ ቃንዛ የወግድ።
- ኣደንዛዚ መድሃኒት ብመንገዲ IV (ውሽጠ ሸይናዊ) ነታ እትሓርስ ዘላ ሰብ ናይ ሕርሲ ስምዒት ንኽጥፍኣላ ይወሃብ እዩ።
- ብሕልፊ ድማ ብዘይ ናይ ቃንዛ መድሃኒት ንገለ ክፋል ወይ ድማ ንኹሉ ሕማም ሕርሲ ክትሓርሲ እንተድኣ መሪጽኪ፡ ባህርያዊ መጠዓዓሚ ስጉምታት ኣገዳሲ ኮይኑ ክትረኽብዮ ትኽእሉ ኢኺ።
- ኣብ ታሕቲ ናይ Penny Simkin ደረጃ መቆጻጸሪ ቃንዛ ኣሎ። ነቲ ቁጽሪ ብዛዕባ ምቁጽጻር ቃንዛ ኣብ ሕርሲ ዘለኪ ስምዒት ንምርድዳእ ክትመርጺ ትኽእሊ ኢኺ። ንናትኮ ወሃብቲ ክንክን ሕጂ ናይ ቃንዛ መድሃኒት ከምትደልዪ ንምፍላጥ ናይ ቃል ኮድ ክትመርጺ ትኽእሊ ኢኺ።

ብPenny Simkin, PT (ፔኒ ሲምኪን P.T) እተዳለወ ***መምረጺ ደረጃ መቆጻጸሪ ቃንዛ*** እዚ ዝስዕብ ሕእደ ናይ ቁጽሪ ደረጃ ናይ ተኽእሎ ዘለዎም ስምዒታት ብዛዕባ ምቁጽጻር ቃንዛ ኣብ እዋን ሕርሲ እዩ፥

| **ቁጽሪ** | **እንታይ ማለት'ዩ** |
|---|---|
| +10 | ወልሓደ ክስምዓኒ ዘይምድላይ፥ ቅድሚ ሕማም ሕርሲ ምጅማሩ ዘሎ ናይ ምድንዛዝ ድሌት። |
| +9 | ፍርሂ ቃንዛ፡ ኣይክእልን'የ ዝብል ሕጽረት ርእሰ ተኣማንነት፣ ቃንዛ ንምቅላል ኣብ ሰራሕተኛታት ምምርኳስ። |
| +7 | ወሃቢ ክንክን ክህበኒ ክሳዕ ዝኽኣለ ወይ ድማ ቅድሚ ሕማም ሕርሲ ኣቐንዛዊ ምዃኑ፡ መደንዘዚ ንምግባር ክቱር ድሌት። |
| +5 | ቅድሚ ምስግጋር (7-8 ሴ.ሜ) ናይ ትሕቲ ሽምጢ መደንዘዚ ክትገብር ምድላይ። ክሳዕ ሽው ክትጽመሚ ፍቓደኛ ምዃን፡ ምናልባ ብመድሃኒት። |
| +3 | ፎሲ ቃንዛ ክትጥቀም ምድላይ ግን ብዝተኻእለ ብዝወሓደ መጠን። ባህርያዊ ሕርሲ ዕላማ ኣይኮነን። |
| 0 | ዝኾነ ኣማራጺ ወይ ርኢቶ የለን። |
| -3 | ሕማም ሕርሲ ሓጺር ወይ ቀሊል እንተድኣ ኮይኑ፡ ናይ ቃንዛ መድሃኒታት ክወገዱ ይመርጽ። |
| -5 | ናይ ቃንዛ መድሃኒታት ክወገዱ ብትሪ ይመርጽ፡ ግን ከኣ ሕማም ሕርሲ እንተበርቲዑ ክቕበል እየ። |
| -7 | ንናይ ውልቀይ ዕግበት ከምኡ'ውን ናይቲ ህጻን ጥዕና ንምሕላው ባህርያዊ ሕርሲ ንኽሓርስ ኣዝዩ ክቱር ድሌት ኣለኒ። |
| -9 | ሕክምና ዋላ ደኣ ይሕተት እምበር ሰራሕተኛታት ክኣብዩኒ ይደሊ። |
| -10 | ንመጥባሕታዊ ሕርሲ እንተኾነ'ውን መድሃኒት ኣይክጥቀምን እየ። |

**ሕማም ሕርስን ሕርስን**

- ናይ ውላድኪ ህርመት ልቢ፡ ኣብቲ ንቡር ዝርግሐ ምህላዉ ንምርግጋጽ፡ ኣብ ግዜ ሕማም ሕርሲ ኢና እንከታተሎ። ኣብ ናይቲ ናይ ጥንሲ ኩነታት ተሞርኪስና፡ እዚ ክግበረሉ ዝከኣል ገለ ኣማራጺታት ኣሎ፥
  - ሓሓሊፍካ ምስማዕ ህርመት ልቢ ኣማራጺ ክኸውን ይኽእል'ዩ፡ ጥንስኽን ሕማም ሕርስኽን ዘይተሓላለኸ እንተድኣ ኮይኑ እዩ።
  - ቀጻሊ ኤሌክትሮኒካዊ ዕሸላዊ ምክትታል ኣብ ገለ ረቛሒታት ስግኣተ-ሓደጋ ዘለዎም ጥንስታት ይካየድ እዩ።
  - ተንቀሳቓሲ ስልኪ ኣልቦ ምክትታል ድማ ኣብ ሓድሓደ ግዜ ምስ ቀጻሊ ወይ ተቖራራጺ ምቁጽጻር ይካየድ'ዩ ክትንቀሳቐሲ ምእንቲ ክኽእለኪ።

(ተዛዚሙ)

- መእተዊ ነጥቢ ናብ ናይ መትኒ ደምኪ ንድሕነትኪ ተባሂሉ ብልምዲ ይግበር እዩ (ሳላይን ሎክ (Saline Lock) ወይ Hep-Lock (ሄፕ ሎክ) እውን ይበሃል)። ኣድላዪ ምስ ዝኾውን እዚ ምስ ናይ IV (ውሽጠ ቬይናዊ) ፈሰስቲ ክላገብ ይኽእል እዩ።
- እተፈላለየ ናይ ምድፋእ ኣንፈታት ከም ኣማራጺ ክኸውን ይኽእል እዩ።
- ገለ ደቀንስትዮ ህጻነን ከወጽእ እንከሎ ክርእይኦ ምእንቲ መስትያት ክጥቀማ ይደልያ እየን።
- ገለ ደቀንስትዮ ህጻነን ክውለድ ከሎ ርእሱ ክትንክፍኦ ይደልያ እየን።
- እቲ ህጻን ድሕሪ ምውላዱ ብቐጻሊ ፒቶሲን (ኦክሲቶሲን) ምሃብ፡ ኣብ ድሕረ ሕርሲ ንዘጋጥም ብብዝሂ ደም ናይ ምፍሳስ ተኽእሎታት ክጉድሎ ተራእዩ እዩ።
- ዝበዝሕ ግዜ ኣብ ክፍሊ መጥባሕቲ ሓደ ደጋፊ ሰብ ክህልወኪ ይከኣል እዩ። ሓኪም ምድንዛዝ ከምዝደልዮ ድማ፡ ሓደ ሕጋዊ መምህር ሕርሲ ውን ከሳንየኪ ይኽእል እዩ።

**ህጻንኪ ድሕሪ ምውላዱ**

- ንዓኽን ንውላድክን ብዘለዎ ጥዕናዊ ረብሓታት ንውላድኪ ከተጥብውዮ ነተባብዓኪ፡ እንተኾነ ግና እዚ ንዓኪ ዝበለጸ ዘይኮነሉ ካልእ ድሌታት ወይ ድማ ኣካላዊ ጸገማት ክህሉ ይኽእል እዩ። ብዛዕባ ምጥባው ዘለዉ ስክፍታት ከም ቅድሚ ሕጂ ናይ ጡብ መጥባሕቲ ምግባር፡ ቅድሚ ሕጂ ናይ ምጥባው ጸገማት ምህላው ወይ ድም እተገምጠለ ጫፍ ጡብ ክኾኑ ይኽእሉ።
- ቪታሚን ከይ፡ ኣብ ዓይኒ ዝነጥብ ቅብኢ፡ ክታበት ሄፓቲቲስ ቢ ንውላድኪ ምድማይ ወይ ድማ ረኸሲ ንኸቛርጽ ንኽሕግዞ ብቐጻሊ ይወሃቦ እዩ።
- ኣብ ሕክምና ከለኹም ንስኽን መጻምድኽን ነቲ ህጻን ኣካላቱ ክትሓጽብዎ ነተባብዓኩም። ኣብ ትሕቲ ፍሉይ ኩነታት፡ እዚ ብነርስ እዩ ክግበር ዘለዎ።

**ናይ ዕትብቲ ደም**

- እተደናጎየ ምቁጻር ዕትብቲ ማለት እቲ ወሃቢ ክንክንኪ ንናይቲ ህጻን ዕትብቲ ክቛጽሮ ይጸበ ማለት'ዩ፡ እዚ ድማ ነቲ ህጻን ድሕሪ ወሊድ ካብ ዕትብቲ ናብ ምሉእ ኣካላቱ ዝያዳ ደም ንምውሓዝ ይሕግዝ።
- ናይ ህጻንኩም ናይ ዕትብቲ ደም ክትውፍይዎ ወይ ድማ ንውልቃዊ ጥቕሚ ኣብ ባንክ ከተቐምጥዎ ትኽእሉ ኢኹም።
- ሓደ መጻምዲወይ ድማ ካልእ ናይ ደገፍ ናይቲ ህጻን ዕትብቲ ክቖዕርጽ ይኽእል እዩ።

**ናይ ህጻን ወሃቢ ክንክን ጥዕና**

- ንሓበሬታ ናይቲ ንክንክን ጥዕና ውላድኪ እትደልይዮ ሓኪም ህጻናት፡ ሓኪም ስድራቤት፡ ኣላዪ ሕሙማት ወይ ካልእ ወሃቢ ክንክን ጥዕና ዘርዝርዮ።

SWEDISH

© 2016 SWEDISH HEALTH SERVICES. ALL RIGHTS RESERVED.